## 🌿 ራእይ ዛራ ሰላም ሚድያ

ራኢና፣ ራኢ ዛራ ሰላም መጻኢ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ስቕታ ብሙዕሩይ ልዝብን ዘተን ፥ ኣብ ክንዲ ምንዕዓቕን ተጻራርነትን ብኣኽብሮት ፥ ኣብ ክንዲ ምምቕቓል ብሓባራዊ መንነትን ኣተሓሳሰባን ክትካእ እዩ። ራኢና ኣብ ሰላምን ባህላዊ ተሓድሶን ፥ ኣብ ኤርትራውያን ምትእምማን ሃኒጾምን ኣደልዲሎምን ኣብ ምኽባር ዝተሞርከሰ ርኽክብን ዝርርብን እምነት ዝተሞርከሰ እዩ።

"ራእይና ሓንቲ ልዝብ ወይ ዝርርብ ኣብ ሓንቲ ግዜ ብምዝውታር ሰላም ምምዕባል እዩ"።

ዕላማና ኤርትራውያን ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ ብግሉጽ ኣብ ቃልዕ ዝዛረብሉ፥ ብጽሞና ድማ ዝሰምዕሉ፥ እሞ ናብቲ ሓደ እዋን ዘኹራዓናን ዘሕብረናን ዝነበረ ልምድናን ባህልናን ንምምላስ እዩ።

## 🌿 እዚ ራእይ እዚ ስልምንታይ የገድስ፦

ኤርትራ መሰረታዊ ታሪኻ ኣብ ተወፋይንትን፥ ጽሮትን ምትእምማንን ፥ ኣብቲ ሽቶኻን ዕላማኻን ሓድነተን እዩ ጸኒሑ። እንተ ኾነ ግን ኣብዚ ግዜ ህዝብና ኣዝዩም ወሰንቲ ዝኾኑ ብድሆታት የጋጥምዎ ኣለው፡

- ኣብ ፖለቲካዊ ፍልል ዝተሞርኮሰ ምትፍናን
- ኣብ መንጎ ደገፍቲ መንግስትን ተቓወምትን ዘሎ ፍጹም ዘይምትእምማንን ቅርሕንትን
- ኣብ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ ዘሎ ምፍንጫላት
- ናይ መንእሰያት ንሃገርና ኤርትራ ብብዝሒ ምግዳፍ ማለት ስደት
- ናይ ኤርትራ ሰደተኛታት ኣብ ምሉእ ዓለም ዘሕልፍዎ ዘለዉ መከራ

እዚ ሓቂታት እዚ ነቲ ራእይና መንገዲ ከትሕዞን ህጹጽ ክገብሮን ናይ ግድን ይኸውን።

'ሎሚ ነንሕድሕድና ክንዘራረብ እንተዘይ ክኢልና ናይ ጽባሕ ናይ ሓባር ኤርትራ ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና።'

## 🌿 እንታይ ክንሃንጽ ኢና እንህቅን ንሕልንን?

## 🌿 ዛራ ሰላም ሜዲያ ነዚ ዝስዕብ ተበግሶታት ትጽዕትን ትሰርሕን፦

- ኣብ መንጎ ፖለቲካውን ወሎዶኣውን ቦታውን ሸነኻት ክፉትን ምክብባር ዘለዎን ዘተ ክኸፈት ትጽዕር
- ኣብ ትሕትናን ሓቂኛነትን ልግስን ምክብባርን ዝተሞርከሰ ንቡር ባህልና ከተማዕብል ትጽዕር
- ኹሎም ኤርትራውያን ብዘይ ስግኣትን ፍርሓትን ምድህሃልን ክዛረብሉ ዝኽእሉ መድረኽ ንምፍጣር ትጽዕር
- ነቲ ብሓባር ክንሰማማዓሉ እንኽእል ሃገራዊ መሰረታዊ ትሕዝቶታት ምድማቑ፡

- ሃገራው ነጻነት ኤርትራ
- ኣኽብሮት ጀጋኑ ሰዉኣትና
- ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሂወት ኣብ ፍትሕን ነጻነትን ዝተሞርከሰ ኣኽብሮት

- ፖለትካዊ ፍልልይ ወይ ዘይምስምማዕ ጽልእን ባእስን ዘይፈጥር ባህሊ ምትብባዕን ምምዕባልን
- ኸኾነ ዝርርብ ጠመትኡ ሰላምን ሓድነትን ሃገራውነት ምሕዳስን ምምዕባልን ክኸውን ምጽዓር

---

🌿 ናይዚ ኹሉ መልሲ ከምዘይብልና ንኣምን። ግን ልዝብን ዝርርብን ምምይያጥን መጀመርታ ናይ መፍቲሒ ምኻኒ ግን ንኣምን።

🌿 ኣብዚ ጉዕዞ'ዚ ዘጋጥሙና ብድሆታት፡

እቲ ራእይና ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ - ግን'ከ ቀሊል ኣይኮነን። ነዞም ዝስዕቡ ብዶሃዊ ረቛሒታት ከኣ ኣፍልጦ ንህቦም፡

1. ከቢድ ፖለቲካዊ ፍልልይ

መብዝሕትኦም ኤርትራውያን ንሓድነት ዝግበር ጸዋዒት ይኹን ዝርርብ ብዓይኒ ጠርጠራ ይርእይዎ።

2. ኣብ ምንጎ ንኡስ ሕብረተባትና ወይ ኮሙኒታትና ዘይምትእምማን

ናይ መንግስቲ ደገፍትን ተቓወምትን ከም ተጻባእቲ ሓይልታት ገይሮም ይረኣእዩ። ዋላ ኣብ ውሽጢ ናይ ተቓውሞ ጉጅለታት እውን ተመሳሳሊ ኣረእእያ የንጸባርቕ።

3. ኣብ ቃልዕ ውጺኻ ናይ ምዝራብ ፍርሒ

ዓመታት ዝወሰደ ናይ ዘይምርድዳእን ነንሕድሕድ ምድህሃልን ንብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ቃልዕ ወጺኦም ከይዛረቡ የስግኦም

4. ስሚዕታዊ ቁስልታት

ናይ ስድራ ቤታት ምፍልላይ ናይ መናእሰይ ህድማን ስደትን ኣብ ስደት ዘሎ ሕሰምን ነቲ ናይ ኤርትራውያን ስሚዒት የገንፍሎ

5. ንሓሳባትካ ዘይትርጉሙ ምሃብ

ዝኾነ ንሰላም ዝግበር ጸዋዒት ከም ናብ ሓደ ፖለቲካዊ ወገን ወይ ሓሳብ ከም ዝዛዘኻ ጌሩ የርእየካ። ዛራ ሰላም ልዕሊ ፖለቲካዊ ፍልልያት እያ እትርእን እትሰርሕን፥ እንተኾነ ግን ብዙሓት ከምኡ ከምዘይርእይዎ ንጽበዮ ነገር እዩ።

🌿 'ናይ ሰላም ጉዕዞ ወይ ስራሕ ዘገምተኛ፥ ከቢድን መብዝሕትኡ ግዜ ድማ ግቡእ ተረድኦ ዘይረክብን እዩ - እንተኾነ ግን ኣገዳሲ ክኸየድ ዘለዎ ጉዕዞ እዩ።'

🌿 ነዚ ራእያዊ ጉዕዞ ብኸመይ ንኸዶ?

🌿 ዛራ ሰላም ሚድያ ነዞም ብድሆታት እዚኣቶም ብኸም'ዚ ዝስዕብ ኣገባብ ትሕዞም

- ትዕግስቲ - ለውጢ ግዜ ከወስድ እዩ
- ቀጻልነት - ዋላ ኣብ ትሕቲ ነቐፌታት ንዕላማና ክንቕጽሎ ኢና

- ግሉጽነት - ሓሳባታትና ንትጹርን ግሉጽን ክንገብሮ ኢና
- ኣኽብሮት - ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ርእይቶ ነኽብር
- ባህልዊ መሰረት - ንሓሰቦን ንዛረቦን ካብ ናይ ወለድናን ባህልናን ልቦናን ዘይምውጻእ
- እምነት - እግዚኣብሔር ኣብ ሓቅን ትሕትናን ዝተሞርከሰ ጻዕሪ ክባርኾ ምኽኣ ንኣምንን ኣብኡ ንምርኮስን

🌿 ንኣሽቱ ስጉምታት ንዓበይቲ ለውጥታት ማዕጾ ከም ዝኸፍቱ ኣሚና ንስጉም

ንኽተሉም መምርሒታትና

- ሓቅነት - ብሓቅነት ንዛረብ ካልኦት ድማ ብሓቂ ሓሳባቶም ክገልጹ ነተባብዕ
- ትሕትና - ዘርርብና ብኣኽብሮትን ብክፉት ኣእምሮን ንሪኦ
- ልግሲ - ንኹሉ ድምጺ ዝግብኦ ኣኽብሮትን ግዜን ቦታን ንሀቦ
- ንዓበይቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ነኽብር - ባህላዊ መሰረትና ካብቶም ንዓና ዝሃነጹና ዘዕበዩናን እዩ ዝብገስ
- ሓድነት ኣብ ብዙሕነት - ንብዙሕነት ብዘይ ምምቕቓል ብምሉእ ንቕበሎ

🌿 ናይ መጻኢ ራእይና፡

- ተሳትፎ ንሰቕታ ክትክእ
- ኣኽብሮት ንምድህሃል ይትክእ
- ሓባራዊ መንነት ንምምቕቓል ይትክእ
- መንእሰያት ይትሰፎው ኣብ ክንዲ ተስፋ ዝቖርጹ
- ስደተኛታት ዝተሓገዙን ዝርድኡን ኮይኑ ይሰምዖም
- ባህላዊ ውርሻታትና ንነንሓድሕድና ርኽክብ ይመርሖ
- ሰላም ከም ሃገራዊ ልምዲ ንናይ ርሑቕ ሕልሚ ጌርካ ምርኣይ ይትክእ

🌿 'ንሕና ሎሚ ዘርኢ ንዘርእ ምእንቲ ናይ መጻኢ ወለዶታትና ሰላም ክሓፍሱ'

መደምደምታ

🌿 ዛራ ሰላም ሚድያ መድረኽ ጥራይ ዘይኮነትስ ንሰላምን ሓቅን ባህላዊ ተሓድሶን ንክብሪ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ተበግሶ እያ።

እቲ መንገዲ ጉዕዞ ነዊሕ ምኻኑ ንፈልጥ ኢና፥ እቶም ብድሆታት ሓቂ እዮም፥ እንተ ኾነ ግን ነዚ ዝሰዕብ ከኣ ፈሊጥና ንብገስ፡

🌿 ኤርትራ ኣብ ኣኽብሮትን ሓድነትን ዘተን ዝተሞርኮሰ መጻኢ ይግባኣ።  እዚ ራእይ'ዚ ኢና መሪጽና። በዚ ራእይ'ዚ ኢና ክንጓዓዝ - ሓንቲ ስጉምቲ፥ ሓንቲ ድምጺ፥ ሓንቲ ዘርርብ ኣብ ሓንቲ ግዜ እንዳ ገበርና።

🌿 ዛራ ሰላም እቲ ኹሉ ጻዕሪታት ኣብ ፍረ ክበጽሕ እንተ ኾይኑ ዘየቋርጽ ጸሎት ናብ ልዑል እግዚኣብሔር በየናይ ኣገባብ ዝኾነ ሰብ ከምዝጽሊ ብዘየገድስ ምሉእ እምነት ኣለዋ። 🌿